“Romanticizing Ghedli” እዚ እንኽዶ ዘሎና ጉዕዞ ሓደገኛ ምኳኑ ዝእምትዩ፡፡ ነቲ ክሳብ ሕጂ ብኸንደይ መስዋእቲ ዝተበጽሐ ንምብታኑ ዝዓለመ ይመስል። ንምቅላሱ ናይ ኩላትና ሓላፍነት ይኸውን።

## ሕጂ ለለ ትብል ከይሐንኽካ

ካብ ኤውሮአመሪካ
ተላዒሉ ንሃገር ክሸጣ
ከምዘይጸንሓት መልሐሱ ተጨቢጣ
ተደብያ ነይራ ርእሱ ተጸቒጣ
ከመይ ሕጂ ተለዊጣ፡ ሰሊጣ
ታመልሐሱ ተመጢጣ
ካብዝን-ካብትን ሸማጢጣ
አብ ዓዲ ጓኖት አራጢጣ
አንጻር አሕዋታ ተሰልቢጣ
ሕጂ አነየ! ትብል ተበርጢጣ
ክምዘይነበረት ን30 ዓመት አጽቂጣ
ህጣማ ጠፊኡ ብፍርሒ ተዋሒጣ።

ምክብባር ባህሊ አቦታትካ
ሎሚ ግዳ አብ ቤትካ፡ ብናታካ
እቶም ስዉአት ተጋደልቲ ከአ አሕዋትካ
ንጓኖትኳ ተጎንቢሕካ ስጊድካ
ዳሐርውን ተጻዋርነት ስኢንካ ባህሪርካ
ሃዲምካ አዶኻ ራሕሪሕካ
ነታ ጎርዞ ሂብካያ አሕሊፍካ
እንታይ ፋይድኡ ሕጂ ተፈከርካ
አብትሕቲ ኮበርታ ማሙቕካ
አብ ጸገማ እንዳስማዕካ አጽቒጥካ
ሎሚ ዳአ ከመይ ተባራቢርካ

በልያዶ መተርአስካ
ማሕሚሐ'ዶ ታኮበርታ
አሪጋዶ ታፍርናሽካ
ዶስ ቁሪ ኣትዩካ ረኽቕካ
ካን ከምክንቲት ፈኸስካ
ገረውረው ተብዝሕ ከምጥራዩ ታኒካ!

አሽንዳይ በል ክብሉ
አጉባዝ ብዋልታ-ጉራደ ክድብሉ
ነታ መርዓት ክምጽኡ
ንሽኻ ዘይወዓልካ አብኡ፡
መርዓት ክትግዘም ዋሕስ ተባሂሉ
ዝወሓሳ ሰኢና

ጸዉዕ ተብልካስ ንኤውሮአመሪካ በሪሩ
ስለዘይነበርኩም ንሸኻን ከማኻን
መርዓት ብጓኖት ተሸኒና
ክንደይ ወረድ ደይብ ኮይኑ ንምድሐና።

ንሳኻሞ አበይ ነይርካ ሽዕኡ
ሕጂ ለለ ትብል ከይሐነኽካ
መአዲ ተበሊዑ ተላዒሉ
ሳዕስዒት ተወዲኡ
ይብጻሕኩም ተባሂሉ
ዳስ ተፈንጢሑ
ብአዳራሽ ተተኪኡ
አበይሎ ተብልካስ ተሳኢንካ
ተመርቒፍካ ንኤውሮአመሪካ ካብንጉሆኡ
እቶም ተጋደልቲ ግን ነይሮም አብኡ።

ንሸኻሞ! ምስ ወፋሮ መዓስ ነይርካ
ንዓርኪ ሕልፎት ዘይበቃዕካ
ገና ብቐትሩ ብህሪርካ ንኤውሮአመሪካ ሰጊርካ
ዋግዋጎ ከይኮነ ዓድኻ ዝሐደግካ
ዶብ ጥሒስካ በሪርካ፣ መን ይሐዝካ።

ሕጂ ውን! ንሱዩ ላዕሊ.ታሕቲ ዝብል ዘሎ ከሳልጥ ዋኒኑ
ሕግታት ክነድፍ መዋስኢ
ባይቶ ክሰርዕ መጋብኢ
ዒሚምም! በዚሑ ነገር ጽልኢ
ዓገብ ዝብል ተሳኢኑ
ቀጠፍጠፍ ገኒኑ
ሐዳሩ ከይወጽእ ቀኒኣምሉ
ተዓጢቖም ከስሕትዎ መአዝኑ
ዶክተር ድማ ምስኦም ከኒቡ፣

አበይ ነይረን ቀደም ተንአእዳውካ
ጓኖት ዲዕዲዕ ክብልሉ ቤትካ ወሃገርካ!
ተቖሊፋ ሽዑ ታመልሐስካ
አብ ኤውሮአመሪካ ተሐሊኼን አእጋርካ

ሕጂ ግን!
መርዓት ምስ ሐዘት ዋንአ ደልዲላ
ወቺባ ቀንጀውጀው ኢላ
ተሰላሊማ ተኺሐሒላ
ሐማውቲ ዓሊለን፣ ብሰብአይ ጓለን ኮርዐን
መቓልዒ ከፊለን፣ ተፈሲሀን
ከም አብራሃምን-ሳራን ተጸምቢላ

አዕሩኽ ዓሪኾምላ

ዓርከተይ ዓርከተይ ኢሎምላ፣ ብማሕላ
ከይትድፈር ብጓና ብጕሒላ
ጻሐይ ከይትህረም ክትራ ሰሪሖምላ
ንስለ ክብሪ-ቃልኪዳን ይሕልውዋ በቢታራ
ኮይኖም አብታ ዋላ!
ሕጂ ተፈከርካ እንታይ ከዓብሰላ
ንሳስ ሐዳራ ክትወጽእያ ትጽዕር ዘላ!
ትም! ግዳ በል ከይትሐናኹላ።

ዓወት ንሐፋሽ!

መኮነን ዓንተራይ
ለንደን 04/2008